2024-09-19

# DCSD፡ ንሓድሽ መዝነታት ጸጥታ ብምትእትታው ንድሕነት ኣብያተ-ትምህርቲ መባእታ የጠናኽር

Dyemond Dupree፡ ከም ተማሃሪት Ronald E. McNair High School student መጠን፡ ምስ ዘይጠቕሙ ጉጅለ ግዚኣ ንኽተሐልፍ ተረኺባ እያ። ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ መኮነን ምሕደራ ጸጋታት ቤት ትምህርቲ (School Resource Officer (*SRO*))፡ ነቲ ዘለዋ ሕቡእ ዓቕሚ ብምልላይ፡ ብእወታዊ ጐደና ንኽትከይድ ብሉጽ ምኽሪ ሂብዋ።

Dyemond፡ ነቲ ክፉእ እዋን ብዓወት ሰጊራቶ፣ ኣብዚ ግዜ'ዚ ድማ በቲ ዘለዋ መዝነት ተሓባባሪት ጸጥታ መባእታ (Elementary Security Associate (*ESA*)) ኣብ ተማሃሮ መባእታ ተመሳሳሊ ጽልዋ ንኽትገብር ምሒር ድሌት ኣለዋ።

እዚ መዝነት ESA፡ ንዓመተ-ትምህርቲ 2024-2025 ዚኸውን ራእይ ዋና-ኣማሓዳሪ DCSD፡ Dr. Devon Q. Horton እዩ። እቲ ቀንዲ ዕላማ፥ ኣብ ኩለን 79 ኣብያተ-ትምህርቲ መባእታ ኣውራጃ ንዚግበር ጻዕርታት ድሕነት ምጥንኻር እዩ። ኩሎም ሓደስቲ ESAs፡ ብደገፍ ቦርድ ትምህርቲ (Board of Education)፡ ንንጥፈታት ካምፓስ ብምክትታል ከምኡውን ኣብ ሓለዋ ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ጠቓሚ ዚኾነ ኣገዳሲ ቅድመ-መጠንቀቕታት ብምግባርን ውሑስ ሃዋሁ ትምህርቲ ብዝሓሸ መገዲ ብምርግጋጽን ጥጡሕ ምንቅስቓስ መሻርኸቲ ከምዝህሉ ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎም።

ክሳዕ ሕጂ፡ 37 መዝነታት ESA ብሰባት ተታሒዙ ኣሎ፣ ብዙሓት ድማ ኣብ መስርሕ ስልጠና ይርከቡ ኣለዉ። መራሒት ምክትታል ካምፓስ DCSD (Lead Campus Supervisor( ዝኾነት Glenn Jefferson፡ በቲ ሰባት ኣብ ፈለማ እዋን ኣብ መዝነት ESA ዘርኣይዎ ተገዳስነት ተገሪማ እያ።

“ነዚ ፕሮግራም ኣብ ተግባር ከምዝውዕል ኣብ ዝገበርናሉ እዋን፡ እቲ ከጋጥም ዝኽእል እንታይ ምኧኑ እፈልጥ ኣይነበርኩን። ብዝሒ'ቶም ኣብዚ መዝነት ስራሕ ዘመልከቱ ሰባት ካብቲ ዝሓሰቦ ዝነበርኩ ንላዕሊ እዩ” ብምባል መኮነን Jefferson ትዛረብ። “ኣብዚ መዝነት ስራሕ ዘመልከቱ እሞ ኸኣ ኣብዚ ኣውራጃ ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰባት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ስለዚ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ግብረ-መልስታት'ዩ መጺኡና።”

መኮንናት ምሕደራ ጸጋታት ቤት ትምህተ (DCSD School Resource Officers (*SRO*))፡ ኣብያተ-ትምህርቲ መባእታ ንዝርከባኤን ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ይከታተሉ ኣለዉ። እንተኾነ ግን፡ እዚ ምወላታት ክፍለ-ሃገር፡ ንጸጥታ ኣብያተ-ትምህርቲ ንምምሕያሽ ብፍሉይ ዝተመደበ ኮይኑ፣ ኣውራጃ ድማ ንምሉእ ናይ ትምህርቲ መዓልቲ ንተማሃሮ መባእታ ተወሳኺ ቊጽጽር ዜካይዱ ሓደስቲ መዝነታት ስራሕ ንኽትፈጥር ዘኽእላ እዩ።

“እዚ ነገር'ዚ ንሓያሎ ዓመታት ዝሓሰብናሉ እዩ፣ ከም ሓላፍነት ስራሕ ኮይኑ ኪመጽእ ድማ ኣዝዩ ዜሐጉስ እዩ” ብምባል መኮነን Jefferson ተዛሪባ። “ነቲ ሃዋሁ ትምህርትን እቲ ዜጋጥም ዘሎ ኩሉ ነገርን ኣብ ግምት ብምእታው ከምኡውን ደቅና ስለዝኾኑ፡ እዚ ነገር'ዚ ብሓቂ የድሊ እዩ።”

Dupree፡ ኣብ 2017 ካብ McNair High ተመሪቓ ምስወጸት፡ ኣብ ገበናዊ ፍትሕን ህዝባዊ ድሕነትን ፍሉይ ባህጊ ኣማዕቢላ። ካልኣይ ደረጃ ምስዛዘመት፡ ኣብ ዕጡቕ ሓይሊ ተጸንቢራ። እዚ ሓድሽ መዝነት ስርሓ ድማ ኣብቲ ዘለዋ ሞያ ህዝባዊ ድሕነት ናብ ዝለዓለ ደረጃ ከብጽሓ ትትስፎ።

“ኣብ ውትህድርና ንሸሞንተ ዓመታት ኣገልጊለ፣ ይፈትዎ ድማ እየ። እንተኾነ ግን ኣብ ህዝበይ ለውጢ ከምጽእን ክሕግዝን ብዙሕ ስራሕ ክገብር ድሌት ኣሎኒ” ብምባል እታ ንKelley Lake Elementary School እትከታተል Dupree ተዛሪባ። “እዚ ዕድል ብምርካበይ ምስጋናይ ኣቕርብን ባህ ድማ ይብለንን።”

Dominique Brown፡ ኣብ Oak View Elementary School ዝሰርሕ ሓድሽ ESA እዩ። እዚ ሓድሽ ቦታ ስራሕ፡ ነቲ ኣብ ህዝባዊ ድሕነት ዘለዎ ዜብህግ ሞያ ፈላሚ ኪኸውን እዩ።

“ናይ ጸጥታ ስራሕ ንዓመታት ሰሪሔሉ እየ። ቅድሚ ሕጂ ምስ ቆልዑ ሰሪሔ እየ፣ ናተይ ዝብሎም ውሉዳት ድማ ኣለዉኒ” ብምባል Brown ተዛሪቡ። “እብ ስራሕ [ህዝባዊ ድሕነት] ኣሃዱ ኢለ ክጅምር እየ፣ ክቕጽሎ ድማ እየ።”

እዞም ሓደስቲ ESAs፡ ነቲ ሒዘሙዎ ዘለዉ መዝነታት ስራሕ ዚኸውን ኣገዳሲ ስልጠና ምምዕባል ሞያ ኣብ 18 መስከረም ወሲዶም እዮም። እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኣካል'ቲ ስልጠና፡ ኣብ መንጎ ተማሃሮን ዓበይቲ ሰባትን ንዘጋጥም ግጭታት ዜህድእሉ ሜላታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

“ብዛዕባ ምህዳእ ግጭታት ብሓቂ ብዙሕ ተማሂረ እየ” ብምባል Dupree ተዛሪባ። “ወለዲ፡ ንደቆም ክሳዕ ክንደይ ጽላል ከምዝኾኑዎም እፈልጥ እየ። ሓደ ወዲ-ሓው ኣሎኒ፣ ብዛዕባ ወዲ-ሓወይ ከመይ ዝበለ ስምዒት ከምዘሎኒ ድማ እፈልጥ እየ። ርጉኣት ኣብ ዝኾንሉ ኣገባባት ክሕግዞምን ኣብቲ ሓገዝ ዝደልይሉ እዋን ድማ ክርከበሎምን እደሊ።

Brown፡ ሽሕ እኳ ነዚ መዝነት ስራሕ'ዚ ሓድሽ እንተኾነ፡ ኣብ Oak View Elementary ምክትታል ይገብር ነይሩ እዩ፣ ብዛዕባ እወታዊ ጥቕምታት'ዚ ሓላፍነታት ድማ ድሮ ተሞክሮ ረኺቡ ኣሎ።

“ቆልዑ ድማ ኣዝዩ ጽቡቕ ዝኾነ ግብረ-መልሲ ሂቦሙኒ እዮም” ብምባል ተዛሪቡ።

Dupree ድማ ብዛዕባ'ቶም ኣብ Kelley Lake ዘለዉ ተማሃሮ፡ መምሃራንን ሰራሕተኛታትን ብተመሳሳሊ ሓጐሳ ገሊጻ እያ።

“እዚ ነገር'ዚ ንዓይ ሓድሽ ሃዋሁ ስራሕ እዩ” ብምባል ተዛሪባ። “ባህሊ'ዚ ቤት ትምህርቲ እንታይ ምዃኑን ኣነ ድማ እንታይ ለውጢ ከምጽእ ይኽእልን ብምፍላጠይ ሕጉስቲ እየ።”

ብዛዕባ መዝነት ተሓጋጋዚ ጸጥታ መባእታ (Elementary Security Associate) ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ወይ ንምግልጋል ከተምልከቱ ትደልዩ ዲኹም፧ ንገጽ-ሓበሬታ ሞያ DCSD [ኣብዚ] ከፊትኩም ርኣዩ።

XXX